ትካልና መስፍን ብረታብረትና ኢንጂነሪንግ ኃ/የተ/የግ/ማሕበር ኣብ መሰቦ ስሚንቶ ፋብሪካ ዋና ቢሮ ዝሰራሕ ናይ Aluminum,WPC MDF & Wood works ስራሕቲ ብቕሉዕ ጨረታ ኣወዳዲሩ ከስርሕ ስለዝደለየ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ታሕሳስ 16, 2018 (ቅድሚ 11 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ታሕሳስ 30, 2018 8:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:115000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:200
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ታሕሳስ 30, 2018 8:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ዕንፀይቲን ስራሕቲ ዕንፀይቲ/ ሰራሕቲ ሓፂነ መፂን/ ስራሕቲ ኣልሙኒየምን ኣቁሑትን/

ምልክታ ጨረታ

ትካልና መስፍን ብረታብረትና ኢንጂነሪንግ ኃ/የተ/የግ/ማሕበር ኣብ መሰቦ ስሚንቶ ፋብሪካ ዋና ቢሮ ዝሰራሕ ናይ Aluminum,WPC MDF & Wood works ስራሕቲ ብቕሉዕ ጨረታ ኣወዳዲሩ ከስርሕ ስለዝደለየ በቲ ስራሕ ብቕዓት ፍቓድን ዘለኩም መቕረብትን ሰራሕትን ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ መዐቀኒታት ተማልኡ ተወዳዳርቲ ክትሳተፉ ኩባንያና ይዕድም ::

ተ.ቁ	Task Description	Remark
1	Supply & fix Aluminum, WPC,MDF & Wood works	as per the attached BOQ & Specification

ናይ ጨረታ ረቓሒን ኩነታትን

1. ናይ'ዚ ጨረታ ተሳታፊ ናይ 2018 ዓ.ም ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፈቓድ ከቕርብ ዝኽእል::

2. ተጫረቲ ዝተሓደሰ ንግድ ፈቃድ፣ንግዲ ምዝገባ ምስክር ወረቀት፣ግብሪ ከፋሊ ምዝገባ ምስክር ወረቐትን ተወሳኺ እሴት ታክስ፣ናይ መወዳእታ ወርሒ ቫት ዝክፈልሉ ሰነዳት ዝምለስ ኦርጅናልን ዘይምለስ ፎቶ ኮፒ ብምትሕሓዝ ብር 200.00 (ብር ክልተ ሚኢ 25/12/2025-08/01/2026 ብኣቆፃዕራ ኣዉሮፓ ጊዜ ብምክፋል ናይ ጨረታ ሰነድ ካብ ዕለት ብስራሕ ሰዓት መቐለ ኣብ ዝርከብ ዋና ቤትፅሕፈት ዕደጋ መምርሒ ክወስዱ ይኽእሉ።

3. ተጫረቲ ናይ ጨረታ ዋጋ ብምምላእ ኣብ ሕድሕድ እቲ ጨረታ ሰነድ ማሕተምን ፊርማን ክዓርፎ ብምግባር ምስ ዘእትውዎ ዋጋ(ፋይናንሻል) ኩሉ ናይ ስራሕ ፍቓድ ሰነዳትን ቕድሚ ሓዚ ናይ ዝሰርሕሉ ተመሳሳሊ ስራሕትን ልምድን ዝገልፅ ሰነዳት ብምትሕሓዝ እዚ ጨረታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት 25/12/2025- 08/01/2026 ብኣቆፃፅራ ኣዉሮፓ ክሳብ ስዓት 8:00 ድሕሪ ቀትሪ አብ መቐለ ዋና ቤት ፅሕፈት ነዚ ተብሂሉ ዝተዳለወ ሳፁን ክእትው አለዎም።

4. ተጫረቲ ናይ ጨረታ መኽበሪ ሲፒኦ (CPO) ብር 115,000.00 (ብር ሚኢትን ዓሰርተ ሓሙሽትን ሽሕ) ንበይኑ ብስምዒ ዝተኣሸገ ፖስታ ምስ ጨረታ ከእትው ይግባእ። ጥረ ገንዘብን ብፖስታ ዘይተዓሸገ CPO ከምኡ'ውን ካሊእ ዓይነት ጨረታ መኽበሪ ተቐባልነት የብሉን።

5. እዚ ጨረታ ስዓት 8:00 ድሕሪ ቐትሪ ተዓፅዩ አብቲ ጨረታ ዝተዓፀወሉ ዕለት ሰዓት 8:30 ናይ ድሕሪ ቐትሪ ተጫረቲ ወይም ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዘለውዎ ይኽፈት።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

6. ተጫረቲ ናይዚ ስራሕ ናይ መዛዘምን መረከቢ ግዜ አብ ውሽጢ 15 ተክታተልቲ መዓልቲታት ዝርከብ ምኺኑን እቲ መዓልቲ ስራሕ ንምጅማር ዝኣትውሉን ስራሕ ወዲኦም ዝወፅሉ ግዜ ዘካትት እዩ።

7. ተጫረቲ አብ ዘእተውዎ ዋጋ ንዝፍጠር ናይ ድምር ስሕተት (Arithmetic error) አብ ዝህሉ እዋን ነፀላ ዋጋ ክውሰድ ይግበር።

8. ተጫረቲ ኣብ ናይ ካሊእ ተጫራታይ ዋጋ ተደሪኾም ዋጋ ምእታው አይካአልን። ከምኡ'ውን ተጫሪቶም ዝሳዓርዎ ስራሕ ብሙሉእ ይኹን ብኸፋል ብሳብ ኮንትራክት ብሳልሳይ ወገን ምስራሕ ኣይካኣልን።

9. ተጫረቲ ዘቕረብዎ ዋጋ ቫት ዝሓወሰ ምኺኑ ክጠቕሱ ይግባእ። እንተዘይ ተጠቒሱ ግና እቲ ዘቕረብዎ ዋጋ ቫት ከም ዝሓወሰ ተገይሩ ይሕሰብ።

10. ሰዓሪ ተጫራቲ ምስዓሮም ካብ ዝተነገሮም ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 2ተ መዓልቲ ዉዕሊ ብምእሳር ንጠቕላላ ዋጋ 10% ባንክ ዉሕስና (Unconditional bank Guarantee) ውዕል መኽበሪ ከትሕዙ ኣለዎም። እንተዘይኮኑ ግን ንጨረታ መኽበሪ ዘትሐዞዎ(CPO) ንትካል ኣታዊ ኮይኑ ትካል ካሊእ መማረፂ ይወሰድ።

11. ሰዓሪ ተጫራቲ ጨረታ ሲዒሮም ዉዕሊ ምስ ኣሰሩ በቲ ዉዕሊ ዝኣሰርዎ ናይ መረከቢ ግዘ እቲ ስራሕ ከርከቡ እንተዘይኪኢሎም እቲ ዘትሐዝዎ 10% ዉዕሊ መኽበሪ ጋራንቲ ናብ ትካል ኣታዊ ኮይኑ ትካል ካልእ መማረፂ ይወስድ።

12. ተጫረቲ ቅድሚ ዋጋ ምእታዎም እቲ ስራሕ አብ ከበሉ ቦታ መሰቦ ስሚንቶ ፋብሪካ ሳይት (Site Visit) ብአካል ብምኻድ ክሪኡ አለዎም።

13. ትካልና እቲ ጨረታ ብምሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ንዝበለፀ ሓበሬታ ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ስልኪ ቁፅርታት ምጥያቅ ይካኣል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle